GEREALTA
INSTITUTE FOR POLICY STUDIES AND TRAINING

ALLIANCE OF CIVIL SOCIETY ORGANIZATIONS OF TIGRAY
ሕብረት ማሕበራት ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ (ሕማሲማት)
ACSOT

Tigray Public Diplomacy

# ሓበራዊ መግለፂ ናይ ሸውዓተ ሲቪክን

# ቢዝነስን ማሕበራት ኔትወርክ

ወንድሙ ኣሳምነው (ኣምባሳደር)
ዋና ዳይሬክተር
ኢንስቲትዩት ገረዓልታ
ንፖሊሲ መፅናዕትን ስልጠናን

ፀጋይ ሓድጉ በርሀ
ምክትል ፕረዚደንት
Tsegay Hadgu Berhe
Vice President

በሪሁ ሃፍቱ ግርማይ
Berihu Haftu Girmay
ፕሬዝደንት
President

ፀጋይ ተጠምቀ ኣለማዮህ
ዋና ስራሕ መካየዲ
Tsegay Tetemke Alemayoh
General Manager

መጋቢ ደሳለኝ ባራኺ ቃኘ
Pastor Desalegn Baraki Kaane

ሕዳር 1/2017 ዓ/ም

መቐለ

# መእተዊ

ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልውላው ኩናትን ሳዕቤናቱን ንምቅላል ብፍላይ ድማ ፖለቲካዊ ቅልውላው ትግራይ ንምፍታሕ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት ይግበሩ ከምዘለዉ ይፍለጥ። ናይዚ ኣካል ዝኾነ ኣብ ትግራይ ዘለዋ ሸውዓተ ሲቪክን ቢዝነስን ማሕበራትን ጥምረታትን ዝሓዘ ኔትወርክ'ውን ኣብ ትግራይ ዘሎ ኩለመዳያዊ ቅልውላው ብፍላይ ድማ ሐዚ ዝረኣይ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ቅልውላው ንምፍታሕ ንህወሓት ፣ ኣካላት ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ተነሓናሕቲ ውድባት ትግራይ፣ ኣካላት ሚዲያ፣ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ እናመያየጠ ፀኒሑ እዩ።

ከም መቐፀልታ ናይዚ ምንቅስቓስ እዚ ጥምረት ውዕሊ ምቁራፅ ተፃብኦ ፕሪቶሪያ (ውዕሊ ፕሪቶሪያ) ንትግራይን ህዝቢ ትግራይን ዘለዎ ፍሉይ ትርጉም ኣብ ግምት ብምእታው "ዋዕላ ትግራይ ኣብ ዙርያ ፀጋታትን ፈተናታትን ውዕል ፕሪቶርያ-ቐፃሊ ኣንፈትናን" ብዝብል ቴማ ካብ ጥቅምቲ 30-ሕዳር 1/ 2017 ዓ/ም ናይ ኽልተ መዓልቲ ዋዕላ ኣካይድና ኣለና። ኣብዚ ካብ ኹሉ ኽፋል ሕብረተሰብ ዝተወከሉ ተሳተፍቲ ዝተረኽበሉ ዋዕላ ኣብ ዙርያ ፈተናን ዕድላትን ኣፈፃፅማ ውዕል ፕሪቶርያ፣ ፖለቲካዊ ስግግር ትግራይን ግደ ሲቪክን ቢዝነስን ማሕበራትን ዝምልከቱ ፅሑፋት ኣብቲ ዓውዲ ሰፊሕ ተሞክሮ ብዘለዎም ሰብ ሞያ ቐሪቦም ተመኻኺርናሎም ኢና። ብመሰረት እቲ ዝገበርናዮ ምይይጥ ድማ ኣብ መወዳእታ እዚ ኽልተ መዓልቲ ዝወሰደ ዋዕላ ሲቪክን ቢዝነስን ማሕበራትን ጥምረታትን ትግራይ ኣብ ዝተረዳዳእናሎም ጉዳያት ዝስዕብ ናይ ሓባር ቕዋም መግለፂ ኣውፂእና ኣለና።

1. ኣብ ዘለናዮ መዋእል ናይ ትግራይ ሰላም፣ ምሕደራ፣ ልምዓትን ዕድልን ብዋናነት ኣብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተመስረተ ከምዝኾነ ንኣምን። ይኹን እምበር እቲ ዉዕሊ ካብ ዝፍረም ክልተ ዓመት እንትኾኖ'ውን ንህዝብና ግልፂ ብዘይኮኑ ምኽንያታት መሰረታዊ ዓንድታቱ ክሳብ ሐዚ ኣይተተግበሩን። ብወገና ውዕሊ ፕሪቶሪያ ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ መሰረታዊ ረብሓታት ትግራይ ሓደን ወሳንን እዩ ኢልና ንኣምን። ከም ወኪላት ህዝቢ ድማ ከይዲ ኣፈፃፅማ እዚ ውዕሊ ኮነ ካልኦት ወሰንቲ ጉዳያት ፖለቲካዊ ምሕደራ ትግራይ ንፖለቲካ መራሕቲ ጥራሕ ዝግደፍ ዘይኮነስ ንኹልና በቢ ብፅሒትና ዝምልከተና ጉዳይ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ጉዳይ ኣፈፃፅማ ውዕል ፕሪቶሪያን ፖለቲካዊ ምሕደራን ትግራይ ንፖለቲከኛታት እንገድፎ ስለዘይኮነ ኣፈፃፅምኡ ዝከታተልን ደገፍ ዝህብን ካብ ኩሉ ማሕበረሰብ ዝተውፃፀአ ካውንስል ክጣየሽ ፃዊዒት እናቕረብና እዚ ካውንስል ናይ ኣፈፃፅማ ጊዜ ንክቕመጥ ዝመክር፣ እቲ ውዕሊ

ብሙሉእነት ንክፍፀም ድፍኢት ዝገብር፣ ከይተፈፀሙ ዝተርፉ ጉዳያት ብዝምልከት ምኽንያቶም ዘፅንዕን ንህዝቢ ዕላዊ ዝገብርን ተሓታትነት ንክረጋገፅ ዝሰርሕን ክኸውን ጠለብ ነቕርብ።

2. ውዕሊ ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ክልተ ዓመት እንተኾነ'ውን ህዝብና ኣብ ስደትን ኣብ ናይ ተመዛበልቲ መዓስከራትን ይሳቐይ ኣሎ። ክሳብ ሕዚ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ዝቐረቡ ፃውዒታትን ምሕፅንታታትን ድማ ሰማዒ ምስኣኖም ዝፈጠረልና ሓዘንን ቑጠዐን እንዳገለፅና ኣብዚ መዳይ ተወዓዓልቲ ውዕሊ ፕሪቶሪያ፣ እዚ ውዕል ንኽፍፀም ዘተሓባበሩ ወገናት፣ ዓለምለኽ ተዓዘብቲ (Observers) ከምኡ'ውን ካልኦት ኩሎም ሃገራውን ዓለምለኻውን መዳርግቲ ኣካላት ፀገም ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ስሉጥ፣ ንውር ናይ ጊዜ ሰሌዳ ዝተቐመጠሉን ናይ ህዝብና ድሕንነትን ክብርን ብዝሓለወ ኣገባብን ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ክሰርሑ ከምኡ'ውን ናይ ፀጥታ ሓይልታት ኣብ ዘይብሎም ወሰናት ትግራይ (buffer zones) ዘሎ ህዝብና ውሕስነት ፀጥታ ዝረኽበሉ ኩነታት ክመዓራረ ፃዊዒት ነቕርብ።

3. ሕላገት ሕሉፍን ናይ ሐዚን ቃልስታት ህዝቢ ትግራይ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ምርግጋፅ፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ዝምለሱሉን ግዝኣታዊ ሓድነቱ ምውሓስን፣ ክብሩን መንነቱን ምሕላው ምዃኑ ንኣምን። ይኹን'ምበር ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ድሕሪ ኽልተ ዓመት'ውን እንተኾነ እዚ ናይ ህዝቢ ቁልፊ ሕቶ ዝኾነ ጉዳይ ዓርሰ ምሕደራን ግዝኣታዊ ሓድነትን ክሳብ ሐዚ መልሲ ኣይረኸበን። ስለዝኾነ ድማ ኣካል ግዝኣታዊ ሓድነት ዝኾነ መሬት ትግራይ ናብ ሕገመንግስታዊ ግዝኣት ትግራይ ክምለስን ብህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ዝትክለሉ ናይ ጊዜ ሰሌዳ ክወፅእን እናፀዋዕና እዚ ንምግባር ኩሉ ዓይነት ሰላማዊ ቃልሲ ከምንገብር ነረጋግፅ።

4. ህዝብና ዓበይቲ ዓለምለኽ ገበናት ከምዝተፈፀሙዎን ሐዚ'ውን ገና ዘይዛሪ እናተፈፀሞ ዘሎ ምዃኑን ይፍለጥ። እቲ ብውዕሊ ፕሪቶሪያ ተረኺቡ ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም ዘላቂ ክኸውን ኣብ ፍትሕን ተሓታትነትን ዝተመስረተ ዘላቒ ሰላም ክረጋገፅ ከምዘለዎ ዘለና እምነት እንዳገለፅና ኣብ ትግራይ ኣብ ዝተፈፀሙ ገበናት ዝተዋስኡ ኩሎም ኣካላት ብነፃን ዓለምለኽ ደረጃ ዘማልእን ናይ ፍትሒን ተሓታትነትን መስርሕ ተሓተቲ ክኾኑ ንፅውዕ።

5. ኣብ መንጎ መራሕቲ ህወሓት ዘሎ ምክፍፋልን ምስሕሓብን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ብኣግባቡ ከይፍፀም ዝገብር፣ ውሽጣዊ ሓድነት ህዝብና ዘላሕልሕ፣ መንግስታዊ መሓውራት

ብኣግባቡ ከይሰርሑ ዝገብር፣ ዓቕምታት ትግራይ ዝብትን ስለዝኾነን እዚ ንምፍታሕ ጥምረትና ዝተፈላለየ ፃዕሪ ክገብር ፀኒሑ እዩ። ሐዚ'ውን ምስ ዝምልከቶም ኻልኦት ኣካላት ብምውዳድ ፃዕርና ክንቕጽለሉ ኢና። እዚ መሰረት ብምግባር ፖለቲካዊ መራሕቲ ትግራይ ብፍላይ ኣመራርሓ ውድብ ህወሓት ካብ ዝሓለፈ ድኽመቶምን ውድቀቶምን ከይተምሃሩ ብህልኽን ብኣነነት መንፈስን ናብ ኻሊእ ቕልውላው ዝወስድ ስሑት መንገዲ እንዳተጓዕዙ ዘለዉ ብምኻኖም፦

5.1. ኣብ ውሽጢ ህወሓት ተፈጢሩ ዘሎ ቅልውላው በቲ ናይቲ ውድብ መስርሕን ኣብቲ ክሊ ውድብን ክፍታሕ እንዳፀዋዕና መንግስታዊ መሓውር ንፖለቲካ ዕላማ ምውዓል ኣብ ምሕደራ ዝፈጥሮ ዘሎ ኣሉታዊ ፅልዋ ኣብ ዘሰክፍ ደረጃ በፂሑ ስለዘሎ ፖለቲካዊ ምሕደራ ትግራይ ውድባውን መንግስታውን ስራሕቲ ብዝፈሊ ኣገባብ ጥራሕ ክስርሑ ንፅውዕ።

5.2. ፖለቲካዊ መሪሕነት ትግራይ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ቕልውላው ሓቐፉይ ብዝኾነን ኩሉ ብዘሳትፍን ዘተ ንክፈትሕዎ እናፀዋዕና እዚ ንምግባር ቕሩባት ተዘይኮይኖም በብምዕራፉ ዝተፈላለየ መልክዕ ዘለዎ ሰላማዊ ቓልሲ ከምንገብር ነፍልጥ።

6. ኣብ ወፃኢ ኮነ ኣብ ዓዲ ዝርከቡ ሓደ ሓደ ሚድያታት ዝዝርግሕዎ ግጉይ ሓበሬታን መረዳእታን ንከይዲ ስምምዕነትን ኣፈፃፅማን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ናብ ሓደጋ ብዘእቱ መልክዑ፣ ነቲ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ፀገም ዘጋድድን ሓድነት ህዝብና ዝሽርሽርን ስለዝኾነ ኩሎም ናይ ሚዲያ ኣካላት ስነ ምግባር ጋዜጠኝነት ሓልዮም ጭቡጥን ሚዛናዊን ሓበሬታታት ከመሓላልፉ፣ ካብ ረብሓ ህዝብን ዓዲን ዝጎድኡ ኣካይዳታት ክቑጠቡን ብዓቢይ ህዝባዊ ሓላፍነት መንፈስ ክሰርሑን ፃዊዒትና ነቕርብ።

7. ድሕንነትን ሰላምን ህዝቢ ትግራይ ልዕሊ ሽውሃትን ባህግን ፖለቲከኛታትን ውድባትን ትግራይ ከምዝኾነ ኣብ ግምት ብምእታው ፖለቲካ ውድባት፣ ሲቪክን ቢዝነስን ማሕበራት፣ ሚድያታት፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብሓባር ተመኻኺሮምን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ሸኻሎም ገይሮምን ወሰንቲ ረብሓታት ትግራይ ክንፅሩ፣ ስምምዕነት ኣብ ዝበፅሑሎም መትከላት ስነ ምግባር (Code of conduct) ክዳልውን ንዝዳልውዎም መትከላት ተገዛእቲ ክኾኑን ቃል ኪዳን ዝኣተውሉ መስርሕ ክተኣታተውን ከምንሰርሕን ንተፈፃምነቱ'ውን ብዕቱብ ከምንቀሳቐስን ንገልፅ።

8. ህዝቢ ትግራይ በብመዋእሉ ዝገጥሞ ፈተና ሰሚሩን ሓቢሩን ብምቅላስ መሰሉን ክብሩን እናሓለወ መፅዩ እዩ። እዚ መንፈስ ሓድነት ካብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውዳበ ንላዕሊ ምኳኑ ንኣምን። እዚ ናይ ሓድነት መንፈስን ክብርን ክዕቀብ፣ ንቐፃሊ ወለዶ ክመሓላለፍ፣ ብዝበለፀ ኣብ ፍትሕን ማዕርነታዊ መትከልን ተመስሪቱ ክጠናኸር ይግባእ። ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ንጉጅለኣዊ ፖለቲካዊ ረብሓ ተባሂሉ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ናብ ሓደጋ ዘእቱ፣ ሓድነት ዝሸርሽር ኣረኣእያን ተግባርን ክነፅግን ክኹንንን ብልዑል ትሕትና እናተሓሳሰብና ሸኻሉ ዝተማልአ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ዝገበረ ቃልሲ ክገብር ነተሓሳስብ።

9. ኣብ ዝሓለፉ ሰላሳን ኣርባዕተን ዓመታት ትግራይ ብዙሕ ዕድል ኣምሊጥዋ፣ በብምዕራፉ ኲናትን ፖለቲካዊ ነውፅን ኣጓኒፍዋ እዩ። እዚ ኾይኑ ግን ኣብ ዉሱን ወድባዊን መንግስታዊን መድረኽ ካብ ዝግበር ገምጋም ሓሊፉ ፀገማት ከይድገሙን ዕድላት ንክንብለፀሎምን ብዝኽእል ኣገባብ ኣይተፈተሹን። በዚ ምኽንያት ውድቀታት እንዳተዋህለሉ ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ትግራይ ግዳይ ኲናትን ክሳብ ጀኖሳይድ ዝበፅሑ ዓለምለኸ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ኮይኑ እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ዝሓለፉ ሰላሳን ሸውዓተን ዓመታት ዘምለጠና ዕድል፣ ዝተፈጠረ ፀገምን ጌጋን ኣፅኒዑ ከይድገም ብንመሃረሉ ኣገባብ ኣንፈት ዘነፅር ነፃ ናይ ምርመራ ኮሚሽን ክጣየሽ ንፅውዕ። ነዚውን ኣበርቲዕና ከምንሰርሓሉ ንገልፅ።

10. ኣብዚ በፂሕናሉ ዘለና ምዕራፍ ኣብ ህዝብን መሪሕነትን ትግራይ ዘሎ ናይ ምትእምማን መንፈስ ዝወደቐሉ፣ በዚ ምኽንያትውን ሕሉፍ ምምሕዳራውን ፖለቲካውን ኽይድና እንምርምረሉን መፃኢ ኣንፈትና እንንፅረሉን ዘገድድ እዋን በፂሕና ኣለና። ስለዝኾነ ኣብ ሃገርን ወፃእን ዝርከብ ኹሉ ትግራዋይ፣ ፖለቲካ ውድባት፣ ሰራዊት ትግራይ፣ ትካላት ሃይማኖት፣ ሙሁራን ትግራይ፣ ከምኡውን ኣባላት ሲቪክን ቢዝነስን ማሕበራት ዝሳተፈሉን ኣሳሪ ሕጋዊ መሰረት ዘለዎ ውሳነ ዝሓልፈሉን ዋዕላ ትግራይ ክፅዋዕን መሰረታዊ ፀገማትን መፍትሕን ፖለቲካ፣ ምሕደራን ማሕበረ ኢኮኖሚን ትግራይ ክመክርን ምርድዳእ ክብፃሕን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኩነታት ከመቻቸይ ፃዊዒት ንገብር።

ሓቢርና መፃኢ ትግራይ ነስምር!

ሕዳር 1/2017 ዓ/ም

መቐለ